# ኮሚኒቲና !

## እወ፡ “ፖለቲካዊት” ፡

## ሃገራዊት ፡

## መትከላዊት !

እወ ! ሕጂውን፡
“ፖለቲካዊት” ብትሕዝቶ መንነት
ሓድነት ኣብ ስደት ዘሰሰነት
ምስ ህዝቢ መኪታ ዘዕወተት
ወለዲ ሰማእታትና ዝደበሰት
ደቂ ጀጋኑ ስውኣትና ዘእንገለት
ናይ ድርቂ ረድኤት ዘበርከተት
ሓገዝ ንስንኩላን ዝኣከበት
ወራር ናይ ወያነ ዝመከተት
ስንቂ ድራር ዋርሳይ ዘሰለፈት
ሕጽቦ ማኪናታት ዘዋፈረት
ቦንድ ሰነድ-ልቓሕ ዘራጎደት
ማሕበር ደቀንስትዮ ዝጠርነፈት
መንእሰያት ኤርትራ ዘሰረተት
ክኢላታት ኤርትራውያን ዝዓደማት
የዕሩኽ ኤርትራውያን ዘጋየሸት
ባንዴራ ኤርትራ ዘውለብለበት
ሃገራዊ በዓላትና ዘብዓለት
ካርታ ኤርትራና ዝሓለወት
ባጤራ ኤርትራና ዘላለየት
ሃገራዊ ግቡእ ዘዋህለለት
ዘይቅኑዕ ፖሊሲ ኣመሪካ ዝነጸገት
ሽርሒ ናይ ጎርባቤቭ ዘቃለዐት
ኣንቡላንስ ኮምፒዩተራት ዘወፈየት
ኤርትራ ክትስድር ዘበርከተት
ኤርትራዊነትና ዘሰነቐት
ዓቕሚ ዳዊት ክነሳ
ጎልያድ ዝቖንጸለት
እወ ሕጂውን ኣልቦ መዘና
“ፖለቲካዊት” ኮሚኒቲና...

በኣንጻሩ ግና...
ደናብ ንክትምልጥጥ ክተዋህልል ንድየት
ሰብና ንክትብትን ንክትስምር ደረት
እገዳ ንክተርጉድ ክትዘርግ ሓድነት
ጎሮሮ ንክትዓጹ ንክተእቱ ድውየት
ጽሩይ ማይ ዘሪጋ ንክተስቲ ሓሬት

ከምቶም ዝኸሰሩ ከምቶም ሰብ ፍሽለት
ከምቶም ዝጠፈሹ ከምቶም ሰብ ቃሬት
ከምቶም ዝመስከቡ ከምቶም ሰብ ሽለት
ከምቶም ሰብ መበላይ ከምቶም ሕማም ቆርበት
    ዓይነ'ውጽእ ደረቀኛ ሎሚ 'ተመደረት
    ነዓና ከተናሹ " ፖለቲካዊት " 'ተበለት
    ኀዕማማት ኣኪባ ቀርኒ 'ተተኸለት
    ኀህማማት ሰሪዓ ማይ 'ተቖርጠመት
    ኀንኀታት ጠርኒፋ ከም ባኮ 'ተነፍሐት
    ጕሒላ ወዲባ ኩሕሊ 'ተተኳሕለት

'ቲ ሓቂ...
    ኣብ ዘየገድስ ስፍሓት ኣብዘየገድስ ርሕቀት
    ኣብ ዘየገድስ ቁመት ኣብ ዘየገድስ ዕምቈት
    ኣብ ዘየገድስ ርጉዲ ኣብዘየገድስ ር'ቀት
    ኣብዘየገድስ ዓቕሚ ኣብዘየገድስ ፍልጠት
    ድንቲ ኮሚኒቲና ኣብ ዘይልወጥ እምነት
    ንሳ'ያ ገዛና ኣብ ኣመሪካ ስደት
    ንሳ'ያ 'ታ ቤትና "ፖለቲካዊት" ስሕለት
    " ኤርትራ " ዝእምነታ ብመትከል ዝቖመት !

ኣሎና ሎሚውን ከም ቀደምና
ኣብ "ፖለቲካዊት" ቤትና
ንሓንቲ መንነትና ፡ ኤርትራዊነትና !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ካብ "ፖለቲካዊት" ኮሚኒቲ